# <u>ምእሳርን ምስጓግን መንእሰያት ኤርትራውያን ሓደ ካብ'ቲ ዝኸፈአ ወጅሂ ስርዓት ህግደፍ'ዩ፥</u>

ስርዓት ኢሳያስ ብዘይሕጋውን ዴሞክራስያውን ኢደወነናዊ ኣገባብ ፖለቲካዊ ስልጣን ካብ ዝሓዘላ ወቅቲ፣ ንኤርትራ ኣብ ከርሳ ደቃ ናብ ተነዲድ መቓብርን ንዝባና ድማ ደቃ ናብ ተሳጕግ መሬትን ቀይሩዋ። ኤርትራ ናይ ኤርትራዊ ዜጋ መስል ሂወት ዘይወሓሰላ ምድሪ ኮይና። ብተፈጥሮ ሓራ ወዲ-ሰብ ኮይኑ ዝተወልደን ምቕሉሕ ኢትዮጵያዊ መግዛእታዊ ባርነት ሰባብሩ ሓራ ዜጋ ክኸውን ዝተቃለሰን ኤርትራዊ ዜጋ፣ ብድሕሪ ምሕራር ዝተቃለሰላ ሃገሩ፣ በቲ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብልጫ ሃገራዊ ናጽነት ዝተሸለመ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ(ህግሓኤ)- ድሕሩ ህዝባዊ ግንባር ንዴሞክራስን ፍትሕን(ህግደፍ) ንዳግማይ ጊዜ ኣብ ፖለቲካዊ ባርነት ተቐሪኑ። ስርዓት ህግደፍ ንኣህጉራዊ ዶባት ኤርትራ ከም'ቲ ናይ'ቲ ኢሰብኣዊ ጨካን ግፍዕታት ዝፍጸመሉ ቤት ማእሰርቲ ረጎድቲ ሓጹራት ቆጺርዎ። ስለያን ጸጥታን ስርዓት ህግደፍ ናብ ጨውይቲ፣ ሰወርቲ፣ መርመርቲ፣ ቀጥቓጥቲ፣ ረሸንቲ፣ ቀበርትን ሓለውቲ ቤት ማኣሰርትን ከፋፊሉ መድቡዎም። እዞም ኣካላት'ዚ ኣቶም ጨካናት መሳርሒታት ባርነት ስርዓት ህግደፍ'ዮም። ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ መቓብር ሓርበኛታትን ኣብ ልዕሊ እሱራት ጀጋኑ ተቓወቲ ደቂ ህዝብን ዝተቀመጠ ኣብ ባዕሉ ነቲጕ ነፍሱ ኣምክኹ ዝዓኑ'ዩ። ካብ ባርነት ኣረመናዊ ስርዓት ኢሳያስ ብምንጋፍ፣ ድሕነትን ሰላምን ሰብኣዊ መሰላትን ዜጋታት ዘውሕስ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ስርዓት ንምህናጽ ዝቃልሱ ዜጋታት ኩላቶም ብዘይሃይማኖታዊ፣ ብሄራዊ፣ ጾታዊ፣ ዓለታውን ኣውራጃውን ፍልልያት ግዳያት ናይ'ዚ ስርዓት'ዮም። ነፍሱ ሓራ ዘይወጸ እሱር ዜጋ ንሕብረተ-ሰቡ ሓራ ንምውጻእ ክቃለስ ኣይክእልን'ዩ። ስለ'ዚ ካብ ምቑሕ ባርነት ህግደፍ ሓራ ምውጻእ ዝደሊ ኤርትራዊ ዜጋ ብቀዳምነት እንተስ ብጉጅለ ወይ ብውልቀ መልክዕ፣ ሓጹር ቤት ማእሰርቲ(ዶብ) ጥሒሱ ምውጻእ ኣብ ነፍሲ ምሕራር ከም ቀዳመይቲ ገድላዊት ስጉምቲ'ያ ትውሰድ።

እቲ ኣዝዩ ዝጎለሀ ዕያነ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምስፍሕፋሕ ተርእዮ ግፍዒታትን ምምዕባል ኣገባብ ኣጠቃቕማ ግፍዒታትን'ዩ። እዚ ኻኣ ኩለ-መዳያዊ ሂወት ዜጋታት ኤርትራ ዝትንከፈ'ዩ። ኤርትራ ኣብ ዓለም ሓንቲ ካብ'ተን ብዝያዳ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝፍጸመላ ስኦላዊት ምድሪ'ያ። ብስንኪ'ዚ ኣብ ሞንጎ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራን ገዛኢ ጉጅለ ህግደፍን ዘሎ ጋግ እናሻዕ ክገፍሕን ከዓሚቕን ይኸውን ኣሎ። ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዝምድናታቱን ኣተሓሳስባኡን ካብ ህዝቢ ኤርትራን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ስለ ዝተነጸለ፣ ኣብ ኤርትራ ክውንነት መንግስታዊ ሽበራ ኣንግሱ ኣሎ። እዚ ተነጽሎ'ዚ ብወዝቢ ወይ ኣብ ሓደ ረፍዲ ዝመጸ ዘይኮነሲ፣ ኣብ መስርሕ ዕድመ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ በበይኑ መልከዓት እናሓዘ ዝመጸ'ዩ። ተርእዮ ግፍዒታት ስርዓት ህግደፍ ብዝተፈላለዩ መልከዓት፣ ስፍሓትን ክብደትን ጭካነታቱ እናሰፈሐ ብምምጻእ፣ መሰረት ሕበረተሰብ ኤርትራ ንዝኾነት ስድራቤት ማሕበራዊ ማኣስር ብምብጥጣስ፣ ዳርጋ ዘይተበተነት ኤርትራዊት ስድራቤት የላን።

መንእሰያት ኤርትራውያን ባርነታዊ ምቑሕ ወተሃደራዊ ኣስገዳድ ኣግልግሎት ስርዓት ኢሳያስ ኣናበተኹ ብቐጻሊ ናብ ሱዳን፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲን የመንን ይስደዱ ኣሎዉ። ካብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ብመንገዲታት ሊብያን ምስሪን ዝዓበየ ሰሃራ ዓለም ሰንጢቖም ናብ ማልጣን ኢጣልያን ናብ እስራኤልን ብምስጋር፣ ፖለቲካዊ ዑቅባ ከሓቱ ናይ ዝግደዱ ቁጽሪ መንእሰያት ብብእዋኑ እናዛየደ ክመጽእ ጸኒሑ። ነዚ ምርጫ'ዚ ኪወስዱ ዘገዲዶም ኮንትሮባንዳዊ መንገዲታት ሰቲ ስለዝኾነ ንምቾት ኢሎም፣ ወይ እኹልን ትሩፍን ገንዘብ ስለዘሎዎም ከረኣዩ፣ ወይ'ውን ኣብ ሂወቶም ተስፋ-ቖብጻውያን ስለ ዝኾኑን ኣይኮኑን። ካብ ስርዓት ህግደፍ ዝጭክን ሓደጋ ስለዘየሎ፣ ናይ መንገዲ ጸገማት ሓላፉይ'ዩ ኢሎም ብሩህ መጻኢ ተስፋ እናቋመቱ'ዮም ዚብገሱ። እንተ'ቲ ኣብ መንገዲ ዘጋጥሞም ሓደጋታት ግን ካብ ኤርትራ ኪብገሱ እንከሎዉ ከጋጥም ዝኽእል ፈተነ ምህላው ይፈልጡ'ዮም። ኣብ ቅድሚኦም ዝጸንሕዎም ህዝቢታት ሱዳን፣ ኢትዮጵያ፣ ሊብያ፣ ምስሪ፣ ማልጣ፣ ኢጣልያን፣ እስራኤልን ከም

ህዝቢታት መጠን ጸላእቶም ከም ዘይኮኑን ተቐበልቲ ጋሻ ምዃኖምን ኣሕሊፎም ንኣራዊታዊ ስርዓት ህግደፍ ከም ዘየረክቡዎምን ዕግበታት ሓድሪዎም'ዮም ጉዕዞኦም ዚጅምሩ።

ነቲ ኣብ መንገዲ ንዝገጥሞም ናይ መገሻ ነውሓትን ጽምእን ኣሉታዊ ስነምግባር ኮንትሮባንዳውያንን ከቢድ ፈተነ ተጻውሮም ዝተበገሱ ንጹሃት መንእሰያት ኤርትራውያን ካብ መጀመርታ ጥሪ-ክሳብ ክፍላ ግንቦት 2008  ዝተፈላለየ ዕድመታት ዘሎዎም ካብ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን   ኣስታት 3000 ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ምስሪን ሊብያን ከም ዝኣተዉ ብዝተፈላልዩ ምንጭታት ሓበሬታት ተገሊጹ። ካብ ኣቶም ኣስታት 800 ዝኾኑ ኣብ ሊብያ ዝኣተዉ ኪኾኑ እንከሎዉ፣ እቶም ልዕሊ 2000 ዝኾኑ ድማ ኣብ ምስሪ ዝኣተዉ'ዮም። መንግስታት ሑስኒ ሙባረክን ቃዛፍን  ነቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ህዝብታት ምስሪን ሊብያን ዝተጸበዩዎ ሰናይ ንቡር መስተንግዶ ከልክሎምዎም ብስገዳድ ነፍስ ወከፎም ብናቱ መንገዲ ናብ ኤርትራ ብጅምላ ክመልሱዎም ወሲኖም። ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ 2008 መንግስቲ ሑስኒ ሙባረክ  747 ኤርትራውያን ከም ቀዳማይ ቃፍላ ናብ ስርዓት ህግደፍ ብዘይድልየቶም ኣረክቡዎም። እቲ ናይ መንግስቲ ቀዛፊ ምስኳ 800 ኤርትራውያ ሰደተኛታት ኣብ ምድላው ከም ዘሎ ይግለጽ ኣሎ። እዚ ኢሰብኣዊ ተግባሪ'ዚ ንህዝቢ ኤርትራ ዘጕሃየን፣ ንህዝብታት ምስሪን ሊብያን ዘሕነኸን፣ ንሕልና ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዘሰንበደን እምቢዛ ግናይ ታሪኻዊ ተረኽቦ'ዩ።

መንግስቲ ሙባረክ ካብ'ቶም ብዘይድልየቶም ዝመለሶም፣ ኣህጉራዊ መዓርፎ ኣስመራ ምስ በጽሑ፣ ስርዓት ኢሳያስ ናብ ስድራቤታቶም ብሰላም ከኣትዉ ዘፍቅደሎም ዘይኮነስ፣ ካብ ኣየር ፖርት ኣስመራ ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ ዓፊኑ ብምውሳድ፣ ስድራቤታቶም ኣብ ትቪ-ኤረ እንተዘይኮይኑ ብኣካል ከይረኽቡዎም ካብ'ኣቶም ገሊኦም ዝርሸኖምን ገሊኦም ድማ ኣብ በዓቲታት ንነዊሕ ዓመታት ዝኣስሮምን ክህልዉ'ዮም። ከምኡ'ውን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ነዚ ናይ መንግስቲ ምስሪ ግናይ ስጉምቲ'ዚ  ኣብ ኤርትራ ጸረ መንእሰያትን ሰድራቤታትን ከም ንሰብኣዊ ስቅያት ብዘጋዲድን ንዴሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዘዳኽምን ሽበራዊ ፕሮፓጋንዳ ክጥቀመሉ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ደቂ ግዳይ ጨካን ስጉምቲ መንግስቲ ሙባረክ ኮይኖም ምስ ረኣዮም፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ብኃህዱ ርእሱ ኣድኒኑን መዓንጣኡ ተኾምትሩን'ዩ። ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብይሃይማኖት፣ ብሄር፣ ዓለት፣ ኣውራጃ፣ ፖለቲካ፣ ዕድመን ጾታን እንከይተፈላለየ ከም ናይ ሓደ ሃገር ስሙር ህዝቢ መጠን፣ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ጅምሩ ክሳብ ሕጂ  ኣብ ልዕሊ'ቲ ኢሰብኣዊ ስጉምቲ መንግስቲ ሙባረክ ሓያል ቁጠዐኡ ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ይገልጽ ኣሎ። መንግስቲ መባረክ ንዝወሰዶ ስጎምቲ ይኾኒንን ንዝተረፉ ኣስታት 1400 ዝኾኑ ስደተኛታት ኤርትራውያን ናብ መንግስቲ ህግደፍ ከየረክቦምን ይጠልብን ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካ ውድባትን በርጌሳዊ ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራትን እድ ንእድ ተተሓሒዞም ነዚ ናይ መንግስቲ ምስሪን ሊብያን ውሳኔን ተግባሬን ኣስገዳዳዊ ጅምላዊ ምምላስ ስደተኛታት ኤርትራውያን ናብ ኤርትራ ምስጓግ ኪቃወሙ እንከሎዉ፣ ኣብ ሂወት ተመለስቲ ክበጽሕ ዝኽእል ቅትለትን ዓዛብን ስለ ዝርድኡ'ዮም። ስድራቤታቶም ክቐበሉዎምን፣ ብመንግስቲ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰላቶም ከይተጋህሰን፣ ኣብ ነፍሶም ዝኾነ ኣካላውን ሞራላውን ጉድኣት ከይበጸሖምን ኣብ ሕብረተሰቦም ብሰላም ክጽንበሩ ጥጡሕ ዕድል ዝዋሃቦም እንተዝኸውን ኔሩ፣ ተቓውሞን ናብ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ጥርዓን ምቕራብን እምበይ መድለየን ኔሩ። ኣብ ኤርትራ ናይ ህዝብን ዜጋታትን ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰላት ዘውሕስ ቅዋምን ቅዋማዊ መንግስትን ፍትሓዊ ኣብያተፍርድን ስለዘየሎዉ፣ ናይ'ዞም ግዳያት ሂወት ንሓደጋ ዝተሳጠሐ ምዃኑ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፣ ካብ ማንጋግ ስርዓት ኢሳያስ፣ ናይ'ዞም ግዳያት ሂወት ንምድሓን ናይ ህዝቢ ኤርትራን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን ህጹጽ ሓላፍነት ኮይኑ ብምምጽኡ'ዩ።

ኤርትራውያን ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ጸረ ኢሰብኣዊ ወሳኔ መንግስታት ሙባረክን ቀዛፍን ሰለማዊ ሰልፍታት ከካይዱን፣ ኣብ ልዕሊ'ዞም መንግስታት ኣብ ውሳኔታቶም ዳግመ ርእይቶ ንምግባር ዘገዲዶም ኣህጉራዊ ተጽዒኖ ንምሕያል ናብ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ጥርዓናት ምቕራብን፣ ምስ ህዝቢ ምስሪ ሕውነታዊ ምሕዝነት ንምድልዳልን፣ ናብ መግስታት ምስሪን ሊብያን መዘከራት ቅሬታታት ምቕራብን፣  ናይ ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታት ኤርትራ ሓባራዊ እዋናዊ ቅልጡፍ ዕዩ ኮይኑ ኣሎ።

ካብ'ዚ ብምብጋስ ካብ ወርሒ ሰነ ክሳብ መጀመርታታት ሓምለ 2008 ኣብ ዋሺንግቶን-ዲሲ፣ ኖርወጅ፣ ፍራንክፎርት፣ ሎንዶን፣ ሳን-ፍራንሲስኮን፣ ኣዲስ ኣበባን፣ ህዝብን በርጌሳዊ ማሕበራትን ፖለቲካ ውድባትን ስደተኛታትን ብሓባር ገልኡ ኣብ ቅድሚ ህንጻ ኢምባሲ ምስሪ፣ ገልኡ ድማ ኣብ ፊት ቀጽሪ ኢምባስታት ምስሪን ሊብያን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ቅሬታ ዝገልጽ  ሰላማዊ ሰልፍታት ኣካይዶም። ንኢምባሳደራት ምስሪን ሊብያን ናይ ቅሬታታት መዘከራት ኣረክቦም። ናብ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ማዕከናት ዜናታትን ብድምጽን መዘከርን ጥርዓኖም ኣብጽሖም። ኤልሳ ጭሩም ናብ ፕሪሲደንት ሑስኒ መባረክ ናይ ቅሬታ መልእኽቲ ጸሒፋ።

መሪሕነታት ፖለቲካዊ ውድባትን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ናብ ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቓ ኣህጉራዊ ማሕበራት ኣብ ልዕሊ ክልቴኡ መንግስታት ተጽዒኖታቶም ንምሕያል ዝጽውዕ መዘከራት ልእኾም። ከምኡ'ውን ናብ መንግስታት ምስሪን ሊብያን ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህልዊ ጭቡጥ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት  ብምብራህ ንስደተኛታት ኤርትራውያን ብዘይድልየቶም ብጅምላ ኣብ ዝሰጉግ ውሳኒታቶም ዳግመ ርእይቶ ንምግባር ዝጠልብ ብተሪር ቛንቋ ዝተጻሕፈ መዘከራት ጸሒፎም። ብተወሳኺ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤዲኪ ብወለንተኦም ናብ ኢትዮጵያ ኪመጹ ድልየት ንዘሎዎም ተሰጎግቲ ስደተኛታት ኤርትራውያን መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ብምትሕብባር ክቕበሎምን ኣብ ዓዱ መሰል ዑቅባ ክህቦምን ዝጠልብ ናብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ መዘከር ኣቕርቡ።

ኤርትራውያን ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዝኾነ መልከዓት ፍልልያትና ንጉኒ ገድፍና ሳላ ብሓባር ዚተቓወምና ስሙር ድምጽናን ቃልስናን ቆላሕታ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ደገፍ ህዝቢ ምስሪን ብቁልጡፍ ክሲሒብ ክእሉ። ስለዝኾነ ህዩማን ራይት ዎች፣ ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፣ ብዛዕባ ናይ መንግስቲ ምስሪ ውሳኔ ጅምላዊ ምስጓግ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዓሚቕ ስግኣተን ገልጸን። ከምኡ'ውን ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፣ መንግስቲ ምስሪ ኣስገዳድ ጅምላዊ ምስጓግ ደው ከብልን፣ እቶም ሰደተኛታት ተሓቢሶምሉ ዘሎዉ ቦታት ብዝርዝር ከፍልጥን፣ ምስ ኩሎም እሱራት ስደተኛታት ንምርኻብን ጉዳያቶም ንምጽናዕን ዘኽእሎ ምቹእ ዕድላት ክወሃቦን ብጥብቂ ኣተሓሳሰቡ። ኣህጉራዊ ማዕከነት ሚዲያታት ከም ቢቢሲ፣ ድምጺ ኣመሪካ፣ ድምጺ ጀርመን ወዘተ.... ኣስካሕካሕነት ናይ'ዚ ጅምላዊ ምስጓግ ውሳኔ'ዚ ሓደጋ ኣብ እዋኑ ከምቲ ዝግባእ ኣቃልሐናኦ'የን።

ህዝቢ ኤርትራ ብዘይካ ስርዓት ኢሳያስ ካልእ ጸላኢ ስለዘይብሉ፣ ደቁ ተገዲዶም ኣብ ምስሪ ከኣትዉ እንከሎዉ፣ ህዝቢ ምስሪ ከም ህዝቢ መጠን ፈታዊ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ይፈልጡ'ዮም። ህዝቢ ምስሪ ካኣ ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ መጠን ፈታዊ'ኡ ምዃኑ ይፈልጥ'ዩ። ስለ ዝኾነ ህዝቢ ምስሪ መንግስቱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝወሰዶ ናይ ኣስገዳድ ጅምላዊ ምስጓግ ወሳኔን ተግባርን ኣጕህዩዎ። 18 በርጌሳዊ ሕብረተሰባዊ ማእከላት ምስሪ ነቲ መንግስቲ ሙባረክ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝወሰዶ ውሳኔ ብምቅዋም፣ መንግስቲ ምስሪ ንኤርትራውያን ጠለብቲ ዑቅባ ብጅምላ ምስጓግ ጠጠው ክብልን፣ ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ምስ ክሎም

እሱራት ኤርትራውያን ጠለብቲ ዕቅባ ተራኺቡ ናይ ነፍስ ወከፍ ጉዳይ ጠለብ ዑቅባ ብዝርዝር ንክምርምር ኣድላዪ ምትሕብባር ክገብረሉን ዝጽውዕ መዘከር ብዕለት 19 ሰነ 2008 ናብ ኣሰይድ ጀነራል ሓቢብ ኣል-ዓድሊ ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ምስሪ ኣቕርበን። ንሳተን ካኣ ዝስዕባ'የን፥

1. ማሕበር ስልጣኔ ማሕበራዊ ኣሳታፍነት
2. ዓረባዊ መርበብ ሓበሬታት ሰብኣዊ መሰል
3. ምስራዊ ተበግሶ ንውልቃዊ መሰላት
4. ምስራዊ ማእከል ንሰብኣዊ መሰላት
5. ምስራዊ ማእከል ንመሰል ተቐማጥነት
6. ዓረባዊ ውድብ ንምዕራይ ወንጀላት
7. ጉጅለ ሓጋዚት ሕጋጋት ንሰብኣዊ መሰላት
8. ማእከል መሬት ንሰብኣዊ መሰላት
9. ማእከል ካይሮ ንሰብኣዊ መሰላት
10. ማእከል ኣል-ነዲም ፍወሳን ሰንእምሮኣዊ ሰልጠናን ግዳያት ዓመጽ
11. ማእከል ኣንዶሎስ መጽናዕቲታት ስኒትን መውጋድ ዓመጽን
12. ማእከል ጉዳያት ደቂ ኣንስትዮ ምስሪ
13. ማእከል ህሻም ሙባረክ ንሕጊ
14. ትካል ሓዳስ ደቂ ኣንስትዮ
15. ትካል ሃገራዊ እንትማእ ንሰብኣዊ መሰላት
16. ትካል ደቂ መሬት ንሰብኣዊ መሰላት
17. ትካል ሓርነት ኣተሓሳስባን ርእይቶ ምግላጽን
18. ትካል ዓለም ሓንቲ ንልምዓትን በርጌሳዊ ሕብረተሰብ ምሕብሓብን

እዚ ናይ'ዘን በርጌሳዊ ሕብረተሰብኣዊ ትካላት ምስሪ ኣብ ጎኒ ኤርትራውያን እሱራት ጠለብቲ ዕቅባ ጠጠው ዝበለ ድልዱል መርገጺ'ዚ፣ ናይ ህዝቢ ምስሪ ጽዕቒን ሓቀኛን መግለጺ'ዩ።

ንኢሰብኣዊ ውሳኔታት መንግስታት ምስሪን ሊብያን ኣብ ምቅላዕን፣ ትግባርኡ ኣብ ምግታእን፣ ዚተዋሰኡ ኤርትራውን ኣህጉራውን ምስራውን ሓይልታት ኩሎም መዝገብ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ መሰል ሰብኣዊ መሰል መዳይ ዝኸፈአ ምኻኑ ገሊጾም። እዞም ግዳያት ናብ ኤርትራ እንተተመልሶም ውሕስነት ሂወት ከም ዘይህልዎም ገሊጾም። ስርዓት ህግደፍ ንባዕሉ ተዋርዱን ምስኡ ብቐጥታ ንመስሪን ሊብያን ኣዕሩኽ ሃገራት ኣሕንኹን'ዩ። ስለዚ መንእሰያት ኤርትራውያን ንስርዓት ግህደፍ ራሕሪሖም ኪብገሱ እንከሎዉ ኣብ ኤርትራ ዝጋጥሞም ሓደጋታትን፣ ኤርትራ ምስ ሰገሩ ኣብ ፈቐዶ ጉዕዞኦም ዝገጥሞም ፈተነታትን ሓደጋታትን ሓደ መልክዕ ናይቲ ዝኸፈአ ወጅሂ ስርዓት ህግደፍ'ዩ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ
6 ሓምለ 2008